# ሸኽ ዓ/ቃድር ከቢረ ኣንታ መዓር ኣፉ
# ኢ...ና እንዲዮም ንጀና ሓሊፉ




ኣብ ፍቕሪ ሃገሩ ዝርከብ ሂወቱ
ናይ ርሑቕ ከረባ ዝርእያ ኣዕንቱ

ቅድሚ 67 ዓመት ኢዩ ሓቢሩ
ነዚ ሎሚ ተዃኒፉና ዘሎ ኣስፈሑ ነጊሩ
ምእንቲ ነጽነትና ሂወቱ ኸፊሉ

1ይ ክፋል
ብ/ኣማን ሰላም
ቅድሚ 67 ዓመት
ዕለት 29/03/1949

"ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ዝተማህረ ሰብ መጠን ኣብ ማሕበራውን ፖለቲካውን ጉዳይት ዝነበሮ ኣታሓሳስባን ኣራኣእያን ምስ መዛንኡ ብኽፍት ዝዛቲን ዝካታዕን ጥራይ ዘይኮነስ... ሓሳቡ"ውን ዘፍስስ ሰብ"ዩ ነይሩ። ኣፍልጦኡ በቲ ናይ"ቲ እዋን"ቲ ዓበይቲ ደርስቲ ተመራመርቲ ሰነ-ሓሳብ መሃዝትን ዓበይቲ ሰባትን ዝተጽልወ"ዩ ሓያል ኣንባቢ ስለ ዝነበረ ልዕሊ ኩሉ ካብ ባህርያቱ እታ ናይ ምስማዕ ጠባዩ"ያ፡ ጽን ኢልካ ሰብ ምስማዕ የዘውትር፡ ሓደ ኣርእስቲ ተላዓሉ ኣብ ዝዝተየሉ ወይ ዝካታዓሉ እዋን ንስለ ክትዕ ዝይህውተት፡ ዘረባ እንተጀሚሩ ፡ ካባይ ተበጊሱ ናበይ ማዕለቢኡ፡ ብጭብጥ ዝርዳእን እታ ክብላ ዝደለየ ጥራይ ዝብል ዓይነት ሰብ"ዩ ነይሩ። ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ብፍላይ ንሕብረተሰብ ኣብ ዘገድሶ ጉዳይት ክትንትን ሓሳቡን ተመክሮኡን ንኻልኦት ከካፍል ድሕር ዘይብል"ኳ እንተነበረ ፡ ነቲ ዝተላዕለ ነጥቢ ኣብ ሓደ ተዛማዲ ምዕራፍ ከየብጸሐ ይገድፎ ኣይነበረን። ክሳብ መወዳእታ ይትንትን ይካታዕ ንሳዓታት...። ብፍላይ ብዛዕባ ኤርትራን ሕብረተ-ሰብናን ኣተኩሩ ኣብ ዝለዓለ ክትዕ ዝበዝሕ ግዜ ምስቶም ኣዕርኽቱ ርሱን ክትዕ ክገጥም ክሎ፡ ኣብ መወዳእታ ብኣላይነት ናቱ"ዩ ዝዛዘም። ኣንፈት ናይቲ ርእሰ ነገር ክየጥፈአ በቲ ተዓጊስካ ናይ ምስማዕ

ባህርያቱን ናይ ምጽዋር ዓቕሙን ጥርዚ ዝበጽሐ ረስኒ የህድኦ ነበረ” ።
"ዓብድልቃድር ከቢረ ኣንታ መዓር ኣፉ
ኢሎምና እንዲዮም ንጀና ሓሊፉ"
ኣብ !!!!!!!!!!!!!!!!!! 29/3/1949
ብሽፋቱ ዝተፈጸመ ቅትለት
ሃገር !!!!!!!!!!!!!!!!!! ከይሓልፈላ
ከይተንበልብል !!!!!!!!!!!!!!!! ባንዴራ
እስከ እንታይ ኢዩ ነይሩ ዕላምኡ
ንወከስ ካብቲ መደረኡ

## ካብ መደረ ሽኽ ዓ/ቃድር ከቢረ ( ስነ - 1948 )

" ስሚላህ ኣራሕማን ኢረሒም ምስጋና ነቲ ልዑል ኣላህ ይብጻሓ"ዮ ........
ዝኽበርኩም ኣቦታተይ ኣሕዋተይ ደቀይን፡ ኣብ ቅድሜኹም ደው ኢለ ነዚ ቃል"ዚ ከስምዕ ከለኹ ሓበን ይስማዓኒ።
እዛ ዕለት ዚኣ እቲ ዝበዝሐ ንናጽነት ሃገሩ ዝጠልብ ብሓደ ድምጺ " ናጽነት " ዝብለላ ዕለት ስለ ዝኾነት ካኣ፡ ኤርትራ ብሰላ ደቃ ደወ ኢላ ክትረእን ኣብዛ ዓለም ህላወኣ ከትእወጅን ነታ እትደልያ እንኮን መባድልቲ ዘይተርከባን ናጽነት ጥራይ ምኽና ብሓደ ድምጺ እተስምዓላ ዕለት"ያ ። ካብ ናጽነት ወጻኢ ንዝቕርቦ ዝኾነ ይኹን መባድልቲ" ( ቅያር ) ካኣ ኣይፋል! እምቢ! ሺሕ ግዜ እምቢ! ንብሎ።
እወ ሺሕ እምቢ ኢልናዮም
ስውራ ጀሚርና መኪትናዮም
ነቲ ናጽነት ኣብዚ ፍሉይ ዝገብሮ
ወዲ ሰብ ዘይከም ካልእ ፍጡር ዝነብሮ
ንስለ ናጽነት ኢሉ ክጉዓዝ ከሎ
ጽንኩርን በዳህን ኩነታት ዝሰግሮ
ንናጽነት ክረክብ ክብል ክቡር ዋጋ ዝኽፍሎ
ንኽዕቅባ'ውን ዚያዳ ዋጋ ኢዩ ዝጠልቦ
ሓድነትና ይውስኑ እወ የድሊየና
ካብ ዲክታቶራዊ ስርዓት ክላቀቅ ህዝብና
ቁዋም ዝመርሓላ ፍትሒ ዝነግሰላ
ማዕርነት ዲሞክራሲ ዝተግበረላ
ሃገር ናይ ኩሉ ትኾነላ
ኢያ ትደሊ ዘላ ኤርትራ

## መደረ ሽኽ ዓ/ቃድር ከቢረ

እቲ ኤርትራ እትጠልቦ እንኮ ነገር ብክልተ ቃላት ዝግለጽ እዩ። ንሱ ካኣ ናጽነትን ሓርነትን ጥራዓያ ! እወ ናጽነት ከባሃል ከሎ ብዓንተቦኡ"ውን ንብህርያዊ መስል ሓደ ህዝቢ እዩ። ንኹሉ ፍጡር እንስሳ"ውን ከይተረፈ ዕዙዝ ትዕደልቲ"ዩ፡ ናጽነት ኣብዚ እቲ ፍሉይ ዝገብሮ ወድ-ሰብ ዘይከም ካልእ ፍጡር ንስለ ናጽነት ኢሉ ክጉዓዝ ከሎ ጽንኩርን በዳህን ኩነታት ዝሕልፎን ናዓኣ (ንናጽነት) ክረከብ ክብል ክቡር ዋጋ ዝኽፈል ምኽኑ"ዩ። ንኽዕቅባ"ውን ከምኡ ። ስለዚ እዚ ክቡር ህዝቢ ብሓደ ድምጺ ኣብዚ ታኣኪቡ ንስለ ናጽነት እንተዘመረ ዘገረም ኣይኮነን ። እዚ ሓሸከት ቁጽሪ ( ህዝቢ ) ብሓደ ወጺኡ ሸግ ናጽነት ኣልዒሉ ይረአ"ሎ። ንናጽነት ንኽጽውዕ። እቲ ኣንጻባራቒ ብርሃን ሸግ ናጽነት ንልቡ ኣዕለቕሊቑዎ"ሎ፡ እታ ሸግ ተምሳል ናጽነት"ያ። ናጽነት ካኣ ትውስዶ"ምበር ኣይምጠውልካን"ዩ።ተመኒኻ ጥራይ ዝርከብ"ውን ኣይኮነን ))**************************************

በሻሓት ከፊልና
በሻሓት ሰንኪልና
ናይ 30 ዓመት ቃልስና
ናጽነትና !!!!! ተገናጽፍና
እቲ ዘምጻእናዮ ናጽነትና
ግን ተጨዊዩ ብመሰልቲ ናዓና
ኣይኮነን’ዶ !!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!! ሓርነት
ንመልክዕ ኢያ ዘላ እውን እታ ናጽነት
ግን ህዝብና ኣሎ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ይቃወሞ
ምእንቲ ቅሳነት ክረክብ ንኸጥዕሞ
ንኸስተንፍስ ሙሉእ ናጽነቱ
እወ እነሀ ኣቃሊሑ ሓድነቱ
ስርሒት !!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!! ፎርቶ
ንሓድነቱ !!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!! ኣባራቢራቶ
ጅግና ወዲ ዓሊ ምስ ብጾቱ ዝኸፈቶ
ንዘልኣለም ክዝከር ኢዩ ስለ ዝኾነ ናይ ህዝብና ሕቶ
ቅድሚ 64 ዓመት ክቡር ደምካ ምፍሳስ ምስ ጀመረ
ንስለ ናጽነትና ንስለ ሓድነትና ሓሊፉ ጅግና ወዲ ከቢረ
መደረ ሸኽ ዓ/ቃድር ከቢረ
ዝኽበርኩም.....
ናጽነት"ኳ ከም ቃል ( ኣምር ) እንትርኢናያ፡ ካብ ኣላህ ዘተለገሰት ብርሃን እያ።
በቲ ብርሃን ገይሩ ዘርሓወን ( ዝኸፈተን ) ጽኑዓትን ኣመንት ልብታት ካኣ ብሓደ ቃል "
ናጽነትን ሓርነትን " ኢለን ንኽድምጻ ክምዝተኣኻኸባ ይገብረን። እቶም ልቦም ዝጽልመቶም
ግን፡ ትርጉም ( ቁም-ነገር ) ናጽነት ስለ ዘይርኣዮም ልቦም ስለ-ዝዓወረ.....
ኣመላካኽትኦም ኩንዮ ኣፍንጫኦም ዘይስገር ይኸውን"ሞ፡ ነቲ ኣላህ ከም ህያብ ዝሃቦም ጸጋ
ናጽነት ብሕሱር ዋግ ክሸጡዎን ንሕልናኦም ብምጽራር ብህውኽ ኣካይዳ መፍቶ ሓሶት
ጸላእቲ ናጽነት ትኾኑን። ንሳቶም ቅድሚ ዝኾነ ካላእ፡ ንምብጽዓ ኣላህ"ዮም ረጊጾም።
መሲልዎም እምበር ግደ ሓቅስ ንገዛእ-ርእሶም"ዮም ባዕሎም ክዲዕምዎ ! ስኒት"ውን
የብሎምን።
እወ እቶም ልቦም ዝጸልመቶም
ኩንዮ ኣፍንጫኦም ዘይስገር ኣመላካኽትኦም
ሓደ !!!!!!!!! ዓመት !!!!!!!!! ከይማሃሩ
ምሉእ መዋእሎም ዝድንቅሩ
ብፍቅሪ ሃገር ባዶ ዝስፈሩ
እከይ ተግባራት ዝገበሩ
ቅድሚ 64 ዓመት ናዓኻ ዝቀተሉ
ኣቦ ስዉኣት ሓበን ኤርትራና
እንተ ዘይቀትሉኻ ጸላእቲ ሃገርና
ምሰለጠ ናይሩ ጉዳይ ናጽነትና
ኣይ ምፈሰስን ናይሩ ደም ጀጋኑና
ኣይምተኸፍለን ነይሩ ሂይወት ስዉኣትና

**ኣማን ሰላም**
**ካብ**
**ማእከላይ ምብራቕ___**